BARNDOM UTAN BROTT

Tigrinja/ትግርኛ

Gäng-snacket

ንወለድን ንካልኦት ኣገደስቲ ዓበይትን ዝኸውን መምርሒ

ገበነኛታት ጉጅለታት ንውላድካ ከይምልምልዎ ትጭነቕ ዲኻ?

ኣብ ሽወደን ኣዚዮም ብዙሓት ቄልዑ ናብ ገበነኛታት ጉጅለታት ይስሓቡ ኣለዉ። ገለ ካብ'ኣቶም እሞ'ኸኣ 10-12 ዝዕድሜኦም ቄልዑ እዮም። ከም ወላዲ፡ መምህር፡ ኣሰልጣኒ፡ ኣባል ስድራ ቤት ወይ ካልእ ኣገዳሲ ዓቢ ሰብ መጠን ተስፋ ምቑራጽን ጓህን ክስምዓካ ንቡር እዩ። ብፍላይ ኣብ ኵነታትካ በይንኻ ከም ዘለኻ ከይኑ እንተ ተሰሚዑካ።

ምስ ካልኦት ሰባት ተዛረብ

ቀዳማይ ስጕምቲ ምስ ካልኦት ዓበይትን ምስ ውላድካን ምዝራብ ምጅማር እዩ። ኣብዚ ሕብረተ ሰብ ደገፍ ናይ ምሃብን ምሕጋዝን ልምዲ ዘለዎም ብዙሓት ተዋሳእቲ እውን ኣለዉ።

ነቶም ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት ኣስተብሀለሎምን ቀልጢ ፍካ ሓገዝ ሕተትን። ብሓባር ኼንና ንዅሎም ቄልዑ ካብ ገበን ናጻ ዝኾነ ድሕንነትን ቅሳነትን ዘለዎ ቁልዕነት ክንፈጥረሎም ንኽእል ኢና።

እቶም ጉጅለታት ኣብቲ ውሉድካ ዘለዎ ቦታ ኣለዉ።

ገበነኛታት ወይ ምስ ገበነኛታት ዕርክነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ከባቢ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ኣብ ማእከል ከተማ ወይ ኣብ ጥቓ ቤትካ ክህልዉ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም መብዛሕትኡ ግዜ ኣዕሩኽ ውሉድካ ከም ዝኾኑ ዘምስሉ ብዕድመ ዝደፍኡ መንእሰያት እዮም። ንኣብነት ፒሳን ልስሉስ መስተን ይጋብዙ፡ ናእዳን ህያባትን ይህቡ። ወይ ብማኪና ይማልኡኻ። እቶም ጉጅለ ነቲ ቄልዓ ብጻይነት ከም ዝስምዖ ይገብሩ።

እዞም ዝስዕቡ ገለ ካብቶም ከተስተብህለሎም ዘለካ ናይ መጠንቀቕታ ምልክታት እዮም፡-

- ውላድካ ክሕሱ ወይ ነገራት ክሓብእ እንተ ጀሚሩ
- ምስ ሓደስቲ ብዕድሞ ዝደፍኡ መንእሰያት ወይ ኣባጽሕ ክራኸብ ይጅምር
- ሓድሽ ክዳውንቲ ወይ ሓዳስ ተሌፎን ሒዙ ናብ ገዛ ይመጽእ
- ገንዘብ ክትህቦ ምሕታት የቋርጽ ወይ ናይ ገዛእ ርእሱ ዝያዳ ገንዘብ ከም ዘለዎ ይመስል
- ብዓይኒ ጥርጣረ ዝርኣ ብዙሕ ወይ ዓበይቲ ክፍሊታት ይልእኽ ወይ ይቕበል (ብስዊሽ ወይ ብናይ ባንክ ሕሳብ)
- ክልተ ሞባይል ተሌፎናት ክሕዝ ይጅምር
- ኣዘራርብኡ ክቕየር፡ ሓድሽ ርኢቶታትን ክብርታትን ይፈጥር።

እቶም ጉጅለ እቲ ቄልዓ እንታይ ክገብር እዮም ዝደልዩ?

እቶም ገበነኛታት መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ቄልዓ ኣብ እተፈላለየ ዕዮታት ክሕግዝ እዮም ዝደልዩ። ከም ድሮጋታትን ኣጽዋርን ምም ጻእን ምብጻሕን፡ ንኻልኦት ሰባት ምፍርራሕ ወይ ኣብ ገሊኡ ኣጋጣ ሚታት ድማ ክሳብ ንሰብ ምቕታል። እቶም ዕዮታት ኣብ ፈለማ ናእሽቱ ክመስሉ ይኽእሉ እዮም። ቀልጢፎም ግን ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ኣወዳት ጥራይ ኣይኮኑን፡

ኣዋልድ እውን ናብቶም ጉጅለታት ይስሓባ እየን። መብዛሕትኡ ግዜ ካብቶም ኣወዳት ቑሩብ ዝተፈለየ ተራ እዩ ዘለወን፡ ንኣብነት ከም ምሕባእ ወይ ምጉዕዓዝ ገንዘብን ድሮጋታትን ዝኣመሰለ። ሓንቲ ብሕጊ ተቐጺዓ ዘይትፈልጥ ጓል ፖሊስ ደው ከብልዋ ዘይልሙድ ስለ ዝኾነ፡ ነቶም ጉጅለታት ዓቢ ጥቕሚ ክህልዋ ይኽእል እዩ። ስለዚ ሓንቲ ጓል ኣብ ገበን ከም ዝኣተወት ንምፍላጥ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።

ብፍሉይ ናብዚ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ቄልዑን መንእሰያትን

እቶም ጉጅለታት ሓደሽቲ ኣባላት ክምልምሉ ኣብ ዝፍትንሉ እዋን ሓደ ሓደ ቄልዑ ብዝይዳድ ናብዚ ሓደጋ ተቓላዕቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዚኣም ንኣብነት ብዘይ ወለዲ ናብዚ ዓዲ ዝመጹ ቄልዑን ምስ ካልእ ስድራ ክቕመጡ ዝተገብረ ቄልዑን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። እዞም ገበነኛታት ጉጅለታት ኣብ ከባቢ ኣእምሮኣዊ ስንክ ልና ዘለዎም ቄልዑ ዝምሃርሉ ከም ዝሰማማዕ ዝተገብረ ኣብያተ ትምህርቲ ከም ዝንቀሳቐሱ እውን ፖሊስ ኣጠንቂቑም እዮም።

እቶም ጉጅለታት ናብ ጌጋ መንገዲ እዮም ዘምርሑ

እቶም ገበነኛታት ንውሉድካ ትምኒቱ ወይ ሕልሙ ንኽበጽሕ ፈጺሞም ኣይሕግዝዎን እዮም። ኣርካናት ንኽኾኑ ወይ ካብ ማእሰ ርቲ ንኽምልጡ ጥራይ እዮም ነቲ ቄልዓ ክጥቀምሉ።

ቄልዑ ነዚ ዝስዕብ ንምርካብ ናብ ገበን ይስሓቡ፦

- ጽቡቕ ጨማን ክዳውንትን
- ልዑል ደረጃ ኣብ ሕብረተ ሰብን ኣኽብሮትን
- ኣባል ጉጅለ ምኺን፡ ስሚዒት ብጻይነትን

እቶም ቄልዑ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ከባቢ ዝነብሩ ቦታ ንዘለዉ ዝተዓወቱ ዝመስሉ ብዕድመ ዝደፍኡ መንእሰያት ይርእዩ። ብዙሓት ኣዕሩኽ ዘለዎምን ጽቡቕ ነገራት ክገዝኡ ዝኽእሉን መንእሰያት።

ገሊኦም ቄልዑ እቶም ጉጅለታት ሕልሞም ንኽበጽሑ ክሕግዝዎም ዝኽእሉ እዩ ዝመ ስሎም። ክኽበሩን "ፍሉጥ ሰብ" ክኾኑን ይደልዩ። ወይ እቲ ዝሓልምዎ ክዳውንቲ ንኽገ ዝኡ ዓቕሚ ክህልዎም ጥራይ።

ንውላድካ ልዕሊ ዅሉ ኣገዳሲ ሰብ ንስኻ ኢኻ።

ዋላ እቲ ቄልዓ ኵሉ ግዜ ኣየርእዮ፡ ከም ዓቢ ሰብ መጠን ኣብ ህይወት ውላድካ ኣዚኻ ኣገዳሲ ሰብ ኢኻ። ንስኻ ኢኻ ከይደኽ ምካ ደጋጊምካ ክትርእይ፡ ክትሓትትን ክትሰምዕን እትኽእል።

ምሕታት ቀጽል

ብዙሓት ቄልዑ እቲ ከጋጥም ኣብ መንገዲ ዘሎ ነገር ቅቡል ከም ዘይኮነ ይርድኦም እዩ። ምናልባት ስለ ዘሕፍሮም ወይ ነቶም ዝተረፉ ኣባላት ስድራ ቤቶም ክከላኸልሎም ስለ ዝደልዩ ክኸውን ይኽእል። ዋላ'ኳ ጥቡቕን ፍቕሪ ዝመልኦን ርክብ ይሃል ዅም፡ ስለዚ እዮም ካብ ምንጋር ክቑጠቡ ወይ ሓሶት ክነግሩኻ ዝኽእሉ።

ዋላ ውላድካ ክምልሰልካ ኣይድለ፡ ከመይ ከም ዘለዉን እንታይ ይገብሩ ከም ዘለዉን ምሕታት ክትቅጽል ኣገዳሲ እዩ። ከም ዘለኻሎም ክፈልጡ ምቕዳል ብዙሕ ትርጉም ኣለዎ።

ንቈልዑ ካብ ገበን ዝከላኸሉ ነገራት፦

- ንጡፍ ናይ ናጻ ግዜ፡ ውሑስ ልምድታት
- ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ፡ ምስ ዘድሊ ተወሳኺ ሓገዝ ምሃብ
- ምስ ዓበይቲ ብሓባር ነገራት ምግባር
- ዓበይቲ ኣይፋል ክብሉን ንጹር ደረት ክገብሩንን
- ዓበይቲ ክሓቱን ክሰምዑን

እቲ ቈልዓ ንዘጋጠመ ጽቡቕ ይኹን ሕማቕ ደፊሩ ምእንቲ ክነግር፡ ከይፈረ ድካ ናይቲ ቈልዕ ሓሳባትን ስሚዒትን ክትርዳእ ምፍታን ኣገዳሲ እዩ።

BARNDOM UTAN BROTT

Ett initiativ från Länsstyrelserna

ውላድካ ናብገበን ከይኣቱ ትጭነቕ እንተ ኼንካ፡ ንዓኻን ነቲ ቄልዓን ዝኸውን ደገፍን ሓገዝን ኣሎ። ኣብቲ ትነብረሉ ኮሙን ምስ ዘሎ ቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ርክብ ግበር። ምስ ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ውላድካ እውን ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።

ኣብ መላእ ሽወደን ዝርከብ ደገፍ፡-

- ➜ ብሪስ (Bris) ሃገራዊ መስመር ርክብ ደገፍ ንቔልዑ፡- 116 111
- ➜ ናይ ብሪስ (Bris) ቍጽሪ ተሌፎን ንዓበይቲ ብሽወደንኛ 077-150 50 50፡ ብእንግሊዝኛን ዓረብኛን፡- 077-448 09 00
- ➜ ናይ ግዳያት ገበን (Brottsofferjourens stödlinje) ተረኛ መስመር ርክብ ደገፍ – ንዓኻ ግዳይ ገበን ዝኾንካ፡ ምስክር ወይ ዘሞድ፡- 116 006 ወይ brottsofferjouren.se
- ➜ መስመር ርክብ ንወለዲ (Föräldralinjen) – መስመር ርክብ ደገፍ ንዓኻ ብዛዕባ ሓደ ቄልዓ ትሻቐል፡- 020-85 20 00 ወይ mind.se
- ➜ ፖሊስ፡- ምልክታ ወይ ሓበሬታ፡ ቍጽሪ ተሌፎን 11414 ወይ polisen.se/tips። ንህጹጽ ጉዳያት ናብ 112 ደውል።

Länsstyrelserna

Polisen